## መዓልቲ ዝኽሪ ሓበን 20 ሰነ 2014 ኣብ ከተማ ፍራንክፈርት :
## ብኽብ ዝበለ ርዝነት ከቢሩ ውዒሉ :

መዓልቲ ዝኽሪ ሓበን 20 ሰነ 2014 ኣብ ከተማ ፍራንክፈርት : ልክዕ ኣብ መዓልቱ ብዕለት 20.06.2014 ኣብ ትሕቲ " ሕድሪ ዘጽንዕ ክብሪ " ዝብል ዛዕባ ብኽብ ዝበለ ርዝነት ኣብቲ ንዓ ብሂራትና ዝውክል ብህዝቢ ተተኺሉ ዝጸድቐ 9 ኣግራብ ኣብ Ostpark ብርክት ዝበለ ህዝቢ ዝተሳተፎ ተኸቢሩ :

እዚ ኣብ ትሕቲ ጽላል ህዝባውያን ማሕበራት ፍራንክፈርትን ከባቢኡን ዝእለ ረዚን ሃገራዊ ዝኽሪ :ብመንእሰያት ህግደፍ. ፍራንክፈርት ብኹሉ መዳያቱ ዝትወደበ ምንባሩን ኣብ ትሕዝትኡን ትግባሬኡን ንምዕዋት ዝለዓለ ኣበርክቶ ከምዝነበሮም ይግለጽ :

ዝኽሪ 20 ሰነ ድሕሪ ዝኽረሰማእታት ህዝቢ ሽምዓ ወሊዑ : ዕምበባን ባንዴራን ብዝሓዙ ተረክብቲ ሕድሪ መንእሰያት ተመሪሑ ብዑደት ኣዩ ፈሊሙ :

ድሕሪ ዑደት ምፍጻሙ : ዝቐጸለ መደብ ኣ/መንበር ሽ/ማሕበራት ኣቶ ሰፋፍ ኣደም ንዝኽሪ'ቲ መዓልቲ ኣመልኪቱ መኽፈቲ ቃል ድሕሪ ምስማዕ ሕድሪ ሰማእታት ብቃልን ብግብርን ከነጽንዕን ስድራቤት ሰማኣታት ከይነጽሙን ክብል ድሕሪ ምግላጹ :

ቀጺሉ ኣቶ ፍጹም ሳህለ ወኪል ቤ/ጽ ህ.ኮ.ጕዳያት : ኣብ ዘስምዖ መልእኽቲ : ሎሚ መዓልቲ ነዚ በርሃው ዝበለ ናጽነት ከንስተማቕርን : ህያው ክብሪ ንኸንረክብን ዝተሰውኡ ጀጋኑና ንኽንዝክርን ተጋቢእና ኣለና : ስለዝኾነ ንመርኣያኡ ዝገልጽን ሕልናዊ መልእኽቲ ዘራኽብን ሽምዓ ወሊዕና ሳላኹም ከቢርና : ቅሰኑ ሰማእታትና ንብል ኣለና : ከም ኩላትና ንርድኦ ግን : ሰማእታትና ዝቐሰኑ ሓድነትና ኣስጢምና ብኩሉ እንትናኣ ሓንቲ ምዕብልትን ስልምትን ዘይትድፈር ሃገረ ኤርትራ ምስ እንሃንጽ'ዩ ክብል ዘይስገር ሓላፍነታዊ ለበዋ ለጊሱ :

ንዝኽሪ'ቲ መዕልቲ ሓበን ንምምዕራግ ብርክት ዝበሉ ሓደስትን ኣዝዩ ሰሓብን ዝኾነ ዜማታትን ግጥምታትን : ብስነ/ጥበባውያንን:ወለድን : ተምሃሮን ቀሪቡ : ንተሳተፍቲ ዝሓለፈ ቃልሲ ስለናጽነት ኣዘኪሩ ንዝመጽእ ብኸመይ ከምዝቕጸል ሓባሪ መልእኽቲ ብምንባሩ ብልባዊ ተምሳጥ ተኸታቲልዎ :

ንቆፎ ስድራቤት ሰማእታት ንምህጣር ብማሕበራት ዝተፋላለየ ንጥፈታትን ወፈያታትን ተኻይዱ : ብተወሳኺ'ውን ሰእሊ ተጋደልቲ ብመንእሰያት ተዳልያ ኣብ ጨረታ ዝቐረበት ብ €1000,00 ሓንቲ ኣደ ከም ዝተዓወተትላ ክፍለጥ ተኻኢሉ :

ኣብ መዛዘሚ ንስድራቤት ሰማእታት ንክለተ ዓመት ምጥዋር ዝወድኡ ማሕበራትን ብውልቀ ሃገራውያንን ካብ ዝምልከቶ ኣካል ምስክር ተዓዲሎም :

ብሃገራዊ መዝሙር ዝኽሪ ሓበን 20 ሰነ ኣብ ከተማ ፍራንክፈርት ብክብሪ ተዛዚሙ :

ዘልኣለማዊ ክብርን ዝኽርን ንሰማኣታትና ;

ዓወት ንሓፋሽ

ኣ/ሽ/ማሕበራት :